## ናይ ቅድሚ-ትምህርቲ ክፍሊ ምርጫ ኣብ ጥሪ 2020 ክካየድ እዩ

ኣብ ጥሪ 2020 ናይ ቅድሚ-ትምህርቲ ክፍሊ ምርጫ ንኽትገብር ሓደ ዕድመ ክትወሃብ ኢኻ። ኣብ'ቲ ዕድመ ሓደ መላገቢ፡ ንናይ ኤለትሮኒካዊ ኣገልግሎት ኣብ ናይ ኦስተርሹንድ ኮሙን መርበብ ብዙሃን፡ ኣሎ። እቲ ናይ ኤለትሮኒካዊ-ኣገልግሎት ኣብ ዕለት 13 ተኸፊት ክሳብ ዕለት 26 ጥሪ ኽካየድ እዩ።

## ኤለትሮኒካዊ-መንነት የድልየካ እዩ

ምእንቲ መንነትካ ከነረጋግጽ ኤለትሮኒካዊ- ወይ ተንቀሳቓሲ ናይ ባንክ መንነትካ የድልየካ እዩ። ባንክኻ ወይ ቤት ጽሕፈት ግብሪ ብዛዕባ እዚ ክሕግዙኻ ይኽእሉ እዮም።
ዝያዳ ሓበሬታ ኣብ www.e-legitimation.se ኣሎ።

ኣብ'ቲ ኤለትሮኒካዊ ኣገልግሎት ናይ ኤለትሮኒካዊ-ደብዳቤ ኣድራሻኻ ክትሕብር ከምዘለካ ኣስተውዕል። ሓደ ካብቶም ንኸዐብዩ ሓላፍነት ዘለዎም ምርጫ ይገብር፡ ብድሕሪኡ እቲ ካልኣይ ነቲ ምርጫ ኣብ'ቲ ኤለትሮኒካዊ-ኣገልግሎት የረጋግጽ።
ናይ ምምዳብ መልሲ ብኤለትሮኒካዊ-ደብዳቤ ገይሩ ኣብ መወዳእታ ለካቲት ይለኣኽ።
እቲ ውላድካ ዝምደበሉ ቤት ትምህርቲ፡ ናብ ናይ ሓበሬታ ርክብ ኣብ ጳድያ 2020 ናብ'ቲ ቤት ትምህርቲ ይዕድም።

## እቲ ዝመረጽክዎ/ናዮ ትምህርቲ ክወሃብ'ድየ?

ብዝተኻእለና፡ ነቲ ተማሃራይ ካብቲ ድልየት ናይ ከዕብይ ሓልፍነት ዘለዎ ተሞርኲስና ኢና ክንምድብ ንፍትን። እንድሕር ኣብ ሓደ ናይ ኮሙን ቤት-ትምህርቲ ካብቲ ዘሎ ቦታ ዝበዝሑ ሰብ ኣመልኪቶም፣ ምርጫ ብናይ ዝቐረበ ቦታ ስርዓት ኣገባብ ይካየድ። ዝያዳ ሃበሬታ ብዛዕባ ስርዓት ኣገባብ ናይ ምቕባል ናይ ዝቐረበ ቦታ ኣተራጒማን ኣብ መርበብ ብዙሃንና **www.ostersund.se/skolval** ኣሎ።
ኣብቲ ኮሙን ዝርከቡ ዘይሻራውያን ቤት-ትምህርቲታት ናይ ባዕሎም ስርዓት ኣገባብ ናይ ምቕባል ኣለዎም። ንዝያዳ ሃሓሬታ ምስዝምልከቶም ዘይሻራውያን ቤት-ትምህርቲታት ርክብ ግበር።

## ሓገዝ እንድሕር ኣድልዩካ

እንድሕር ኮምፕዩተር ዘይብልካ ወይ ናይ ቅድሚ-ትምህርቲ ምርጫ ውልቃዊ ሓገዝ ደሊኻ ክንሕግዘካ ኢና። በዚ ዝስዕብ ገይርካ፡ ምስ'ቲ ናይ ዓሚል ኣገልግሎት ርክብ ብምግባር ቆጸራ ሓዝ።

- ኤለትሮኒካዊ ደብዳቤ፡ kundcenter@ostersund.se
- ቁ.ስልኪ፡ 063-14 30 00

ኣብ'ቲ ኣብ ኦስተርአንግ፡ Förlandsgränd 1C ዝርከብ ናይ ዓሚል ኣገልግሎት እውን ክትበጽሕ ትኽእል ኢኻ።
ናብ'ቲ ምብጻሕ ብቑዕ ናይ መንነት-ሰነድ ተማላእ።

**ብዛዕባ ናይ ቅድሚ-ትምህርቲ ዝያዳ ሓበሬታ ኣብ መርበብ ብዙሃና፡www.ostersund.se/skolval ትረክብ።**

ÖSTERSUNDS KOMMUN · Böle BYSKOLA · Friggaskolan · PROLYMPIA · Östersunds Waldorfskola · Internationella Engelska Skolan